**ብያሲን ዑመር** (yassinomer01@gmail.com)

# ዓዲ- ወደርኪ ብምልእታ ክትቅጻዕ ዝተፈርደት፣ ህዝቢ ንምጽናት ዝተወጠነ ስዉር መደብ ስለ ዘሎ ድዩ?

ዓድሽ ዓመት 2017 ድሕሪ ምኽሳቱ፡ ኣብ መጀመርያ ሰሙን ናይዚ ሒዝናዮ ዘሎና ወርሒ ጥሪ፡ ዝዓጠቑ ኣባላት ክፍሊ ጸጥታ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ "ኮብሊልካ" ብዝብል ምስምስ ንመንእሰይ **ጀማል ዓብዱልዋስዕ** ካብ ዓዱ **ዓዲ-ወደርኪ** ብሓይሊ ሒዞም ንኽኣስርዎ፡ ብከውታ ለይቲ ንዝንብረሉ ዝነበረ መንበሪ ስድራ-ቤቱ ከቢቦም ብሃንደበት ንዕኡን ንስድራ-ቤቱን ሓደጋ ወዲቖሞም። እቶም ንመንእሰይ ጀማል ዓብድዋስ ክሕዙ ዝተልእኩ ኣባላት፡ ንመባእታዊ ሰብኣዊ መሰሉን መሰል ኣባላት ስድራ-ቤቱን ብጋህዲ ብምግሃስ፡ ካብ ሕቑፊ ወለዱን ካብ ማእከል ገዝኡን እናጋፍዑን እናዘለፉን ክጨውይዎ ድሕሪ ምፍታኖም፡ ወለዱ ብዘርኣይዎ ተሪር ተቓውሞን ገረባብቲ ብዘስምዕዎ ኣውያንትን፡ ምሉእ ዓዲ ካብ ድቃሱ ብስንባደ ተበራቢሩ፡ "ኣብ ማክከል ዓዲ ናይ ለይቲ ጸልማት ተጐልቢቦም ሽፋቱ ዝኣተዉ መሲልዎም"፡ እናተጓየዩ ከድሕንዎም ናብ ቤት ሰድራ ዓብድልዋስዕ ወሓዙ። ዕጡቓት ኣባላት ጸጥታ ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ነቲ ተጓይዩ ካበየ ገዝኡ ደቂ ዓዱ ከድሕን ዝተኣከበ ህዝቢ ዓዲ ዓዲ-ወደርኪ፡ ፋሕ ከም ዝብል ንምግባርን ንደቂ ዓዲ ተሓሊቖ ከይከላኸለሎምን ንሰማይ ብምትኳስ እናኣጋፍዑ ኣፈራሪሖሞ። እንተኾነ፡ እቲ ዝተኣከበ ህዝቢ "መንእሰይ ጀማል ከምዚ ትብልዎ ዘሎኹም ዋላ ይኹብልል፡ ኣብ ቅድሚ ወለዱን ኣብ ገዝኡን እናገርፍኩምን እንጸረፍኩምን ከተበሳብስዎ ቅኑዕ ኣይኮነን" ብምባል፡ ብትብዓት ንተግባራቶም ኰኒኑ ፋሕ ምባል ስለ ኣበዮምን ዓገብ ብምባል ስለ ዝገሰጾምን፡ እቶም ዕጡቓት ኣባላት ጸጥታ ብቑጽሪ ውሑዳት ስለ ዝነበሩ፡ "ድሓን! ሕጂ'ኳ እንተዘቀንዓና፡ መዓልትኹም ተጸበዩ፡ ከነረኻኽበልኩም ኢና" ብምባል ኣብ ልዕሊኦም ስጉምቲ ክውስዱ ክምለሱ ምኻኖም ብምፍላጥ፡ እናፈከሩን እናሓንሓኑን ዝመጽኡሉ ተልእኾ ከይዓመሙ ተመሊሶም።

ይኹን'ምበር፡ እቶም ተሪር ህዝባዊ ተቓዎሞ ስለ ዝገጠሞም ተልእኾኦም ከይዓመሙ ዝተመልሱ ኣባላት ጸጥታ ህ.ግ.ደፍ፡ ከም ፈኸራኦም ድሕሪ ሳልስቲ፡ ካብ ናይ ምድሪ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ዝተውጽአ፡ ከቢድ ብረት ዝዓጠቐ ብርክት ዝብሉ ወተሃደራት ዝሓዘ ሰራዊት (ልዕሊ ሰለስተ ጋንታ ) ኣሰኒዮም ብምምላስ፡ ነታ ዓዲ ብምእልታ ኣብ ከበባ ኣእትዮም ድሕሪ ምስርጣይን ምስቃይን፡ ንጀማል ዓብድዋስዕን መላእ ስድራ ቤቱን ካልኦት ልዕሊ ሰብዓ ዝኾኑ ተቐማጦ ዓዲን -- ቆልዑን ኣንስትን ሽማግለታትን ዝርከብዎም-- ብድምር <u>ልዕሊ ዕስራ ዝኾኑ ስድራ ቤታት ዓዲ ዓዲ-ወደርኪ</u> ኰብኪቦም፡ እናእወዩ ብዘይ ድልየቶም ብሓይሊ ኣገዲዶም ናብ ናይ ጽዕነት መካይን ብምጽዓን፡ መጀመርያ ናብ ዓደልገስ ዝተባህለት ኣብቲ ከባቢ እትርከብ ዓዲ ኣግዒዞሞም። ጸኒሖም፡ ናብ ዓዲ ኣበይቶ ብምምሕልላፍ፡ ናብቲ ኣብታ ዓዲ ኣበይቶ ዝርከብ ብምስቓይ እሱራት ዕሉል ዝኾነ ማዕቡስ ዳጒኖሞም። ብድሕሪ'ዚ፡ ብለይቲ ናብ ባርካ ኣሳግሮም ኣብዚኣ ኣተዉ ከይተባህሉ ሃለዋቶም ብምጥፋእ፡ ተሸሪቦም ከም ዝተርፉ ጌሮሞም ። ኣብ ባርካ ድሕሪ ምሽራቦም፡ ክሳብ ሕጂ

ብህይወቶም ይሃልዉ ኣይሃልዉ ዝተፈልጠ ነገር የለን። ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዓዲ ዓድ-ወደርኪ ዘርኣይዎ ብርቱዕ ጽልእን ንዕቀንትን ጭካነ ዝመልኦ ኣተሓሕዛን ኣብ ግምት ምብእታው፡ ብዘይ ገለ ርህራሀ ንብምሉኦም ከይረሸንዎም ኣይተርፉን ኢዮም።

ንምኳኑ፡ ብሓደ ዝኾብለለ መንእሰይ ኦሳቢ.ብካ፡ ብኣልማማ ንመላእ ንጹሃት ሰለማውያን ተቐማጠ ዓዲ ወደርኪ ክትቀጽዮም ፍትሒ ድዩ? ህዝቢ በደል ንክፍጹሙ ዝረአዮም ገፋዕቲ ዓገብ እንተበሎም፡ ብገበን የኽሰሶን፡ ካብ ኲሉ ዝኸፍአ ኸኣ፡ የፍርዶን ዲዩ? "ብናይ ሓደ ሰብ በደል ወይ ጉድለት፡ ህዝቢ ብምልኡ'ዩ ዝቕጻዕ" ዝብል መንግስታዊ ሕጊ፡ ብጀካ ኣብ መንግስቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ካልእ ኣብ ዓለምና ኣበየናይ ስርዓት'ዩ ዘሎ? ዓዲ ዓዲ-ወደርኪ፡ ብሰንኪ በደል ወይ ጉድለት ሓደ ኣባላ፡ ተቐማጦኣ ብምሉኦም ከም በደልቲ ወይ ሰብ ገበን ተቖጺሮም ክቕጽዑ ዝተፈርዱ፡ ንህዝቢ ናይተን ዘይደለኻየን ዓድታት፡ (ናይ ወገንካ ዓድታት ስለ ዘይኰና) ብናእሽቱ ውልቃዊ በደላት ወይ ጉድለታት ኣመኻኚኻ ንምጽናት **ስዉር መንግስታዊ መደብ** ስለ ዘሎ ዲዩ? ስዉር መንግስታዊ መደብ እንተዘይሃልዩ፡ እንታይ ካልእ ንህዝቢ ብሰንኪ በደል ሓደ ውልቀሰብ ዘቕጽዕ ብቑዕ ምኽንያት ኣሎ?

ብዝኾነ፡ ኣብ መላእ ዓለም እንርከብ ንድሕነትን ሓርነትን ህዝብና እንቃለስ ዘሎና ደለይቲ ፍትሒ ሃገራውያን ኤርትራውያን፡ ነዞም ብዓመጽቲ ዕሱባት ኣባላት ክፍሊ ጸጥታ ህ.ግ.ደ.ፍ ህይወቶም ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ዘሎ ልዕሊ ዕስራ ስድራ ቤታት ዝኾኑ ንጹሃት ሰለማውያን ኤርትራውያን ዜጋትት ተቐማጠ ዓዲ ዓድ-ወድርኪ፡ ድምጺ-ኣልቦን ሓይሊ-ኣልቦን ስለ ዝኾኑ፡ ናይ ሞት ዕጫ ከይወረዶም እንከሎ፡ ኣብ ክንድኦም ስሙር ድምጺ ብምስማዕን ብትብዓት ንመሰሎም ብምጥባቕን፡ ወጽዓኦም ናብ መላእ ዓለም ብዓውታ ከነቃልሖን ብህጹጽ ከነዋዓውየን ኣሎና። እዚ ብኣባላት ክፍሊ ጸጥታ ህ.ግ.ደፍ. ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት ተቐማጠ ዓዲ ዓደ-ወርኪ ብጃምላ ዝተፈጸፈመ ግፍዒ፡ ብጉድለት ወይ ሸለልትነት ናይ ሓደ ተቐማጢ ዓዲ ኦሳቢ.ብካ ዝኾነ በደል ንዘይፈጸሙ ንጹሃት ተቐማጠ ዓዲ -- ትሕቲ ዕድመ ንዝኾኑ ቆልዑን ዘጥብዋ ኣዴታትን ዝሸምገሉ ዓበይትን ከይተረፈ -- ብኣልማማ ምቕጻዕ፡ ጭቡጥ መርትዖን ህያው ኣብነትን ናይቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ መዓልታዊ ዝፍጽሞ ዘሎ **"ብገበን ኣንጻር ሰብኣውነት ዘኽስስ"** ግፍዕታት ኢዩ።

ኣብ ሃገርና ኤርትራ፡ ንመሰል ዜጋታት ዘውሕስን ዝከልኽልን ቅዋሚዊ ሕጊ ስለ ዘየለ፡ ኣባላት ክፍሊ ጸጥታ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ካብ ቤት- ፍርዲ ፍቓድ ከይወሰዱን ንቤት-ፍርዲ ኣቕዲሞም ከየፍለጡን፡ ንዝኾነ ክኣስርዎ ዝደልዩ ዜጋ በደል ይሃልዎ ኣይሃልዎ ብዘየገድስ፡ ብሓላፍነት ዝሓቶም መንግስታዊ ኣካል ስለ ዘየለ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜን ኩነታትን ዊን ዝበሎም ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ድሕር ኣይብሉን ኢዮም። ከምኡ'ውን ንኹሎም ዝኣሰርዎም እሱራት፡ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ከይተፈርዱ፡ ማለት ብዝኾነ ግቡእ ሕጋዊ መስርሕ ከይሓለፉ፡ ብመግረፍትን ጥምየትን ሕማምን ብስጭትን ተሳቒዮም ከም ዝሞቱ ምግባርን፡ ኣብ ዕጽው ማዕጾ መስካርን ተዓዛብን ዘይብልካ ብኢ.ደ-ወነንካ ባህ ዝበልካ ፍርዲ ኣሕሊፍካ፡ እናበሳበስካን እናከላበትካን ኣካላቶም ብመግረፍቲ ምስንካልን፡ ኣእምሮኦም ከም ዝስሕቱ ምግባርን፡ ብዘስካሕክሕ ኣገባብ ህይወቶም ብኸንቱ ምሕላፍን፡ ሓንሳእ እውን ይኹን ተሓቲቶምሉ

ዘይፍልጡ፡ ንቡር ተግባራት ኣባላት ጸጥታ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኢዩ። ከምኡ ክንዲ ዝኾነ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ጀማል ዓብድልዋስን ስድራ ቤቱን ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብኡ ሓሊፉ ኣብ ልዕሊ መላእ ሓረስቶት ተቐማጦ ዓዲ ዓድወደርኪ ዝተፈጸመ ዓቢ ገበን፡ ጒሉሕ መርኣያን ህያው ኣብነትን ናይቲ ብኣባላት ክፍሊ ጸጥታ ብቐጻሊ (ብመንግስቲ እናተደገፈን እናተኣልየን) ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብዘይ ንሕስያን ብዘይ ድንጋጸን ዝፍጸም ዘሎ <u>መዓልታዊ መንግስታዊ ግፍዕታት</u> ኢዩ። ንኣህጉራዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ዝግህስ ተግባር ስለ ዝኾነ፡ ብዝኾነ መልክዕ ተቓውሞኻ ብጋህዲ ብምግላጽ፡ ብውልቂ ይኹን ብሓባር ብትሪ ክኹነን ይግባእ።

ውልቀ-መልኺ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ክሳብ ንስልጣኑ ዘይተንከፍዎ፡ ንኣባላት ክፍሊ ጸጥታ ዝደልይዎ <u>ካብ ሕጊ ዝወጸ ስጉምታት</u> (ምቕታል፡ ምእሳር፡ ምብስባስ፡...ወ.ዘ.ተ.) ክወስዱ ምሉእ ስልጣን ሂብዎም ኢዩ። ስለዚ፡ ነቲ በዞም ሕልናኦም ዘዕረቡ ኣረመናውያን ልኡኻትን ዕሱባትን ስርዓቱ ዝፍጸም ዘሎ ማእለያ ዘይብሉ ግፍዕታት፡ ብቐዳማይ ደረጃ ብሓልፍነት ዝሕተተሉ ክፍሊ ጸጥታ ስርዓቱ ይኹን ድኣ'ምበር፡ ንባዕሉ እቲ ስርዓት (ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከይተረፈ) እውን ኣብ ትሕቲ ጽላሉ ይፍጸም ስለ ዘሎ በዚ ገበን'ዚ ተሓታቲ ኢዩ። ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደፍ. ኣብ ስልጣን ክሳብ ዘሎ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብጃምላ ዝምጸም ግፍዕታት ደው ክብል ስለ ዘይኮነ፡ ነዚ ብቐጻሊ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት ደለይቲ ፍትሒ ብቐጥታ ደው ንምባሉ ዓቕሚ'ኳ እንተዘይሃሎዎም፡ ብኡንብኡ ናብ መላእ ዓለም ብምቅላሕን ብምውዕዋዕን ኣብ ልዕሊ ስርዓቱ <u>ልዑል ዓለማዊ ተጽዕኖን ኲነኔን ተነጽሎን</u> ብምፍጣር፡ ብተዛዋዋሪ መንገዲ ንምግትኡ ኣቕሊልካ ዘይግመት እጃም ከበርክቱ ዓቢ ሓላፍነትን ዘይነዓቕ ሓይልን ኣሎዎም። በዚ መሰረት'ዚ፡ ደልይቲ ፍትሕን ተቓወምቲ ውድባትን እምበኣርከስ፡ ነቲ ወግሐ-ጸብሐ ብክፍሊ ጸጥታ ስርዓት ህ.ግ.ደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብንጽል ኰነ ብጃምላ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት ንምግታእ፡ ብውሕዱ ነዞም ዝስዕቡ ስጒምታት ክወስዱ ይግባእ፦

- ንዝኾነ ዝተፈጸመ ግፍዒ ግዜ ከይወሰድካ ብምጽራይ፡ ብመን፡ ንመን፡ መዓስ፡ ከምኡ'ውን ኣበይ ከም ዝተፈጸመ ብእንብኡ ብዝርዝርን ብደቂቕን ምስና``ድ፣
- ጭቡጥ ሓበሬታን መርትዖን መረዳእታን መሰኻኽርን ብምእካብ፡ ነቲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ንናይ ዓለም ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበራት -- ንኣብነት፥ " ንኣምነስቲ ኢንተርናሽናል" ወይ "ንህዩማን ራይትስ ዎች" -- ብኣግኡ ምሕባር፣
- ንናይ ሬድዮን ተለቪዥንን ማዕከናት ዜና ብኣድማዕነት ተጠቒምካ፡ ነቲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ንህዝቢ ብውዑዩ ምፍላጥ፣
- ብናይ ኢንተርነት ወብሳይትን ናይ ዮትዩብ ክሊፓትን ካልእ ናይ ማሕበራዊ ሚድያ መርበባትን ኣቢልካ ነቲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ምዝርጋሕ፣
- ብጽሑፋትን መጽሄታትን ብሮሹራትን ፓምፐለትን ነቲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ኣስፊሕካ ብምግላጽ ምቅላሕ፣

- ኣብ ኣኼባታትን ሰሚናራትን ፓልቶካትን ኮንፈረንሳትን ነቲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ምቅላዕ፣
- ንናይ ሕቡራት ሃገራት ናይ ሰብኣዊ መሰላት ሽማግለ ብዛዕባ እቲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ምሉእ ጸብጻብ ምሃብ፣ ከምኡ'ውን
- ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ቅድሚ ኤምባስታት ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብምክያድ፡ ንዝተፈጸመ ግፍዒ ዘሎካ ተቓውሞ ብግብሪ ምግላጽ።